ንወረዳ ራያ ኣለማጣ ቤት ፍርዲን ከተማ ኣላማጣ ግልጋሎት ዝውዕል ፅሕፈት መሳርሒን ኣናእሽቲ ኣቅሑት ፅሬት ኣቅሑትን ናይ ሕትመት ኣቅሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሕዳር 4, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 19, 2011 09:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ራያ ኣላማጣ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:20.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 19, 2011 09:30 ደ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/

ስለዚ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቋሕታት ንዘማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትጫረቱ ይዕድም።

1 ብዘርፉ ንግዲ ፍቃድ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድን ናይ መቅረባይነት ዘለኩም ቫት ዝተመዝገብሉ ሰርትፊኬትን ናይ ወርሒ ነሓሰ 2010 ዓ/ም ዲክለሬሽን ከቅርቡ ዝኽእሉ

2 ናይ ኣናእሽቲ ኣቅሑት ብዝምልከት ትሕቲ ቫት ዘለዎ ንግዲ ፍቃድ ይምልከቶም እዩ።

3 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ ቲን ተመዝጋቢ ምኻኑ መረዳኣታ ፎቶ ኮፒ ዘቅርብ

4 ናይቶም ንብረት ዝርዝር ናይ ጨረታ ሰነድ ዋጋ ዘይምለስ 20.00 ብር ብምኽፋል ካብ ዕለት 03/03/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ካብ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ፍርዲ ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ብምውሳድ ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ፖስታ ብምእሻግ ናይ ተጫራቲ ሽምን ፊርማን ማህተምን ብምቕራብ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክፍሊ ቁፀሪ 01 ምእታው ይከኣል።

5 እቲ ጨረታ ዕለት 19/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 9:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ፍርዲ ኣላማጣ ይኽፈት።

6 ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ተጫረቲ መኽበሪ ጨረታ ብር 3000.00 ብገንዘብ ወይ ብሲፒኦ ዝተረጋገፀ ከትሕዝ ዝኽእል

7 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ንብረት ጠቅላላ ዋጋ ብር 10% መኽበሪ ውዕሊ ብሲፒኦ (ብገንዘብ) ከትሕዝ ዝኽእል

8 ተጫረቲ ዝሰዓርዎ ንብረት ሙሉእ ብሙሉእ ክሳብ እቲ ዝተስማዕምዕሉ ዕለት እንተዘይኣቕሪቦም ንመኽበሪ ውዕሊ ዘትሐዝዎ ገንዘብ ብቅፅዓት ናብ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ይኾን

9 ጨረታ ሰዓራይ መቅረቢ እቲ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ኣብ ውሽጢ 10[+] መዓልቲ ኣታዊ ይገብርን ዘሸነፍዎ ንብረት ብናይ ባዕሎም ወፃኢ ናብ ቤት ዕዮና የቕርቡ።

10 ካብቲ ዝተጠቀ ስፔስፊኬሽን ወፃኢ ካሊእ ኣማራፂ ተባሂሉ ከቅምጥን ኣብቲ ስፔስፊኬሽን ዘይተነፀረ ንብረት ምቕማጥን ኣይፍቀድን ውድቂ ይኸውን።

11 በቲ ዝወፀ ስፔስፊኬሽን መሰረት ፅሬቶም ዝሓለወን ኦርጂናል ዝኾነ ምኻኖምን ኣረጋጊፁ ክመልእ ይግባእ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 እቲ ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

13 እቲ ቤት ፅሕፈት 20% ናይ ምውሳኽን ምቕናስን መሰል ኣለዎ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ 0347-741205 0974--629322 ይደውሉ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle